## ሓድሽ ሰውራዊ ባይቶ ሓድሽ ፈጻሚ ሽማግለ መሪጹ

### ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
### ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
### 01.08.2006

ኣብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ፡ ብዕለት 27 ሓምለ 2006 እተመርጸ ሓድሽ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብ28 ሓምለ ኣብ ዘካየዶ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባኡ 9 ዝኣባላቱ ሓድሽ ፈጻሚ ሽማግለ መሪጹ።

እዚ ብ33 ቀወምትን ብ4 ተጠባበቕትን ኣባላት ዝቖመ ሓድሽ ሰውራዊ ባይቶ፡ ነቲ 7 ኣባላት ዝነበርዎ ፈጻሚ ሽማግለ ናብ 9 ክብ ክብል ብምውሳን፡ ናይ ነፍስወከፍ ቤት ጽሕፈት ሓፈሻዊ ዕማማት ውን ነጺሩ።

ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ዘካየዶ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባኡ ብቐዳምነት ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ኢዩ መሪጹ። ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ድማ፡ ምኽትል ኣቦ መንበርን ሓላፊ ቤት ጽሕፈት መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ዝርከብዎ 9 ዝኣባላቱ ፈጻሚ ሽማግለ ብምሕጻይ ሰውራዊ ባይቶ ንኽጽድቖ ኣቕሪቡ። ሰውራዊ ባይቶ ድማ፡ ነቲ ዝቐረበሉ ብዝሒ ኣብያተ-ጽሕፈትን ነቲ ኣብያተ-ጽሕፈት ክመርሑ እተሓጽዩ ኣባላትን ብምሉእ ድምጺ ኣጽዲቑ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ሰውራዊ ባይቶ፡ ጠቕላላ ተቖጻጻርን ኣፈ ባይቶን ሰክረተርን ውን መሪጹ።

ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ቀዳማይ ኣኼባኡ፡ ነቲ ጉባኤ ኣብ ፖለቲካውን ውድባውን መደብ ዕዮታት ዘተኣታተዎም ሓደስቲ ለውጥታትን፤ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ዘመሓላለፎም ፖለቲካዊ ውሳኔታትን ደጊሙ ድሕሪ ምርኣይ፥ ንፈጻሚ ሽማግለ ኣብ ግብሪ ከውዕሎም ሓላፍነት ኣሰከሞ። ጉባኤ ካብ ዘመሓላለፎም ኣገዳስቲ ውሳኔታት ሓደ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት፡ ንኹሉ ዝሓቑፍ ሰልፊ ንምምስራት ሰውራዊ ባይቶ ኣበርቲዑ ክሰርሕ ዝብል ኢዩ።

ኣብ'ቲ ድሕሪ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ እተኻየደ ቀዳማይ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ እተመርጹ ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

1. ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር፤
2. ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)፡ ምኽትል ኣቦ መንበር፤
3. ተኽለ መለኪን፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ኣህጉራዊ ዝምድናታት፤
4. መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን፤
5. ኣሰፋው በርሀ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስርርዓዊ ጉዳያት፤
6. መሓመድ ኣደም ኣርትዓ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን፤
7. ብርሃነ ተስፋጋብር፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ገንዘባዊ ጉዳያት፤
8. ጅምዕ ኣሕመድ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕብረተ-ሰብኣዊ ጉዳያት፤
9. መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም፡ ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት።

እዚ ካብ 23 ሓምለ ክሳብ 27 ሓምለ 2006 እተኻየደ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ፡ ክልተ ደቂ ኣንስትዮን ክልተ ትሕቲ 30 ዝዕድሚኦም መንእሰያት ዝርከብዎ ሰውራዊ ባይቶ ከምዝመረጸ ዝዝከር

ኢዩ። ኣብ ርእሲ’ቶም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለ፡ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጕባኤ ዝመረጾም ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

1. ዓብዱ ሓሰን
2. ዓብዱልቓድር ህብትየስ
3. ኣለም ዮውሃንስ
4. ኣማኒኤል ሃብተ (መንግስቱ)
5. ብርሃነ ኪዳነ
6. ፍስሃየ ሓጐስ
7. ገርግሽ ነጋሽ
8. ገረዝጊሄር ተወልደ
9. ሃብተማርያም ክፍለ
10. ሃይለ ገብሩ
11. ሓጅ ሳልሕ ጀውሃር
12. ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ
13. ኢድሪስ እስማዒል
14. ዒሳ መሓመድ
15. መንሱር ስራጅ
16. መሓሪ ተስፋማርያም
17. መሓመድ ኣሰሎ
18. ንጉሰ ጸጋይ
19. ረዘነ ልኡለቃል
20. ሲራክ ዘመንፈስ
21. ተኸለሰንበት ተኸላይ
22. ጸጋይ መዝገበ
23. ጽርሃ ሰለሙን
24. ትኩእ ተስፋይ

ተጠባበቕቲ ኣባላት

1. ዑስማን ኣሕመድ
2. መሓራይ ሓጐስ
3. ዓብዱልቓድር ኣልዑግድ
4. ኣንቶንዮ ተስፋይ